# ቀዳማይ ፌስቲቫል ኮምዩኒቲ ትግራይ ብዓወት ተዛዚሙ

ኮምዩኒቲ ትግራይ ብዕለት 7 ጃንዋሪ 2006 ኣብ ኣርሊንግተን ሆሊደይ ኢን ሆቴል ዚያዳ 400 ተጋሩ ኣብ ዝተረኸብሉ ዝተፈላለዩ መደባት ዝሓዘለ ዓብዪን ድምቑን ፌስቲቫል ኣካዪዱ።

ሓላፊ ርክባት ቦርድ ኮምዩኒቲ ትግራይ ኣይተ ገብረመድህን ፍስሃ ናይ እንኳዕ ደሓን መፃእኩም መደረ ብምስማዕ እዛ ማሕበር ካብ ዝኾነ ፖለቲካዊ ፀቕጢን ናፃ ዝኾነት ንኹሉ ትግራዋይ ብዘይ ዝኾነ ኣፈላለይ እትሓቑፍ ምኳና ሓቢሮም።

ፕረዚደንት'ታ ማሕበር ዓይተ ስዩም በርሀ ብምኽፃል ብዛዕባ ናብ ኣሜሪካ ዝመፁ ኣጋይሽ ተጋሩ ዝኄነፍዎም ባህላዊ ናይ ምርድዳእን ናይ ሓበሬታ ፀገማት ክብድሁ ከም ዝግባእ ሓቢሮም። ብተወሳኺ ድማ ኣብዚ ሃገር ዝነብሩ ተጋሩ መነባብረኦም ንምምሕያሽ ምጥያስ መደባት ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ኣተኣላልያ ጎንፅታት፡ ኢኮኖሚያዊ፡ ማሕበራዊን ሕጋዊን ግልጋሎት ኣገዳሲ ምኳኑ ድሕሪ ምግላፅ ንኹሉ ኣባል ኮምዩኒቲ በብሞይኡን ክእለቱን እጃሙ ከወፊ ተላብዮም።

ኣብታ ፌስቲቫል ናይ ክብሪ ዕዱም ዝነበሩ ልዑል ራእሲ መንገሻ ስዩም ፍቕሪ ምትሕብባርን ምትሕግጋዝን ካብ ተጋሩ ኣቦታትን ኣደታትን ክውረሱ ዝግባኦም ኣገደስቲ ባህልታትን እሴታትን ምኳኖም ሓቢሮም። ኣስዒቦም ዶ/ር ሰለሞን ኣብርሃም ብዛዕባ ኣገዳስነት ትምህርቲ ሰፊሕ መብርሂ ሂቦም። ብምኽፃል ድማ ዶ/ር ገላውዲዎስ ኣርኣያ ብዛዕባ ክዕቀቡን ክንቀፉን ዝግበኦም ባህሊታት ትግራይ ስፍሕ ዝበሉ ረቑሓታት ሂቦም።

ኣብታ ፌስቲቫል ካብ ዝተኻየዱ መደባት ሓደ ብማሕበር መናእሰይ እተወፈየት “ሕዚውን ሓደ ልቢ” ዝተሰምየት ስእሊ ንጨረታ ቐሪባ ካብ $20 ተበጊሳ ድሕሪ ብዙሕ ንሕንሕ ብ$1200.00 ዝተወስደትሉ ኩነታት ነቶም ተኣከብቲ ብዙሕ ዘዘናግዐ ፍፃመ ነይሩ። ብተወሳኺ ኪኢላታት ሙዚቃ ተጋሩ (ብርሃነ፡ ፍቕረ፡ ኣበበ፡ ምሩፅ፤ እምብዛን ተስፋፅዮንን) ንዕዱማት ፌስቲቫል ብድሙቕ ሙዚቃ ከዘናግዑ ኣምሰዮም።

ንምጥያስ እታ ማሕበር ዕዙዝ ተራ ዝተፃወቱ ውልቀሰባት እቲ ማሕበር ቦርድ ዝተዳለወ ፍሉይ ሰርቲፊኬት ተወፍዩሎም። ብተወሳኺ እታ ቦርድ ተሳትፎ ዕዱማት ፌስቲቫል ዘሕብን ከምዝነበረ ገሊፃ፡ እዚ ድማ ንዝበለፀ ተወፋይነት ከምዘተባብዕን ኩሉ ትግራዋይ ዝሰምረሉ እዋን ከምዝመፀ መርኣያ ከምዝኾነን ሓቢራ። ከምኡ ድማ ኩሉ ትግራዋይ ዝተኣኻኸበላ ናይ ኮምዩኒቲ ማእከል ምጥያስ ካብተን ቀዳምነት ዝወሃበን ዕማማት ሓደ ምኳኑ ተገሊፁ።


<u>ንተወሳኺ ሓበሬታ</u>:

Tigrai Community, P. O. Box 21747, Washington D.C. 20009,
Email: tigraicommunity@yahoo.com